# ኣዋጅ ቁጽሪ 165/2011
## ኣዋጅ ሕጊ ዕደና 68/1995 ንምምሕያሽ ዝወጸ ኣዋጅ

**ዓንቀጽ 1፣ ሓጺር ኣርእስቲ**

እዚ ኣዋጅ'ዚ ሕጊ ዕደና ቁጽሪ 68/1995 ንምምሕያሽ ዝወጸ ኣዋጅ ቁጽሪ 165/2011 ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

**ዓንቀጽ 2፣ መንግስታዊ ተሳትፎ**

ዓንቀጽ 41 ናይ ኣዋጅ ሕጊ ዕደና ቁጽሪ 68/1995 ብከምዚ ዝስዕብ ተማሓይሹ ኣሎ፣

ድንጋጌታት ዓንቀጽ 7 ናይ ኣዋጅ ሕጊ ዕደና ቁጽሪ 68/1995 ጽኑዓት ክንሶም፣ መንግስቲ ዋጋ ከይከፈለ፣ ኣብ ዝኾነ ዕደና ወፍሪ ክሳብ ዓሰርተ ሚእታዊት (10%) ናይ ረብሓ ብርኪ ብምሓዝ ክሳተፍ ይኽእል። ብዘይካ'ዚ መንግስቲ ምስ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዓሰርተ ሚእታዊት ተደሚሩ፣ ካብ ኣርባዓ ሚእታዊት (40%) ዘይበዝሕ ብርኪ ተሳትፎ ክሕዝ ይኽእል። መጠን ሚእታዊትን ግዜን ምወላን ናይ መንግስቲ ተሳትፎ፣ ካብኡ ዝስዕቡ መሰላትን ግዴታትን ካልእ ምስኡ ዝተዛመዱ ዝርዝራትን ከኣ ብስምምዕ ይውሰን።

**ዓንቀጽ 3፣ ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ**

እዚ ኣዋጅ ኣብ ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

ኣስመራ፣ ዕለት 16 ግንቦት 2011
መንግስቲ ኤርትራ።

## PROCLAMATION NO.165/2011

**A Proclamation to Amend the Mining Law Proclamation No.68/1995**

**ARTICLE 1: SHORT TITLE**

This Proclamation may be cited as " Mining Law Proclamation No.68/1995 Amendment Proclamation No.165/2011.

**ARTICLE 2: STATE PARTICIPATION**

Article 41 of the Mining Law Proclamation No.68/1995 is hereby amended as follows:

Without prejudice to the provisions of Article 7 of the Mining Law Proclamation No.68/1995, the Government may acquire, without cost to itself, a participation interest of up to 10 percent of any mining investment. The Government is also entitled to equity participation not exceeding a total of 40 percent, including the 10 percent mentioned hereinabove, the percentage, timing, financing, resulting rights and obligations and other details of which shall be specified by agreement.

**ARTICLE 3: EFFECTIVE DATE**

This Proclamation shall enter into force as of the date of its publication in the Gazette of Eritrean Laws.

Done at Asmara this 16th day of May, 2011

Government of Eritrea




# ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ

**ብመንግስቲ ኤርትራ ዝሕተም**

**ቅጺ 19/2011 ቁ.2 ኣስመራ፥ 16 ግንቦት 2011 ዋጋ 3.00 ናቕፋ**


**ኣዋጅ ቁጽሪ 165/2011**

**ኣዋጅ ሕጊ ዕደና 68/1995 ንምምሕያሽ ዝወጸ ኣዋጅ**


# GAZETTE OF ERITREAN LAWS

**PUBLISHED BY THE GOVERNMENT OF ERITREA**

**Vol.19/2011 No.2 Asmara, 16th May ,2011 Price 3.00 Nakfa**


## Proclamation No.165/2011

**A Proclamation to Amend the Mining Law Proclamation No.68/1995**